

ብኣብርሃም ለኣከማርያም'

ካናዳ፤

<u>እታ ቀያሕ ባቡር</u>

ሓንቲ ቀያህ ባቡር  ካብ ምዕራብ
ተበጊሳ
ዉሑዳት ተሳፈርቲ ኣሳፊራ ኣብ ከርሳ
ተርኢያ ዘይትፈልጥ ሓዳስ ነገር
ነዊሕ ዝቑመታ ብመሬት እትበርር
ስርሒታ ሓፂን ብሓፂን ዝተገጣጣመ
ቀለማ ሓዱሽ ማይ ዘይጣዓመ
ደወል ደዊላ ጥሩንባ ነፊሓ
ሰብ ክትኣራሪ ጀመረት ስራሓ።
ህዝቢ ተገሪሙ ብኣስተንክሮ ይሪኣ
ፍርሒ ኣትዩዎ ከይቐርብ ጥቓኣ
እንታይ እያ ዚኣ እስኪ ንገሩና
ቁመታ ነዊሕ ትኸይድ ደኒና
ጎማ እኳ የብላን ከይንብላ መኪና
እንታይ እዩ ፍጥረታ መን እዩ ዋኒና
ኣለዋ ዶ መራሒ ኣውቲስታ መሳሊ
ኣፀቢቑ ዝዝውራ ዝገንሓ ብዕሊ?
እናበሉ ሕቶ ኣብ ርእሲ ሕቶ
ዘይተፀበዮ ጭራሽ ዘይገመቶ
በሎም ፎቶሪኖ ንኹሎም ኣኪቡ
ክትከዱ እትደልዩ ሱቕ ኢልኩም ደይቡ
ንስኻትኩም እተዉታ  ዳኣ እምበር
ኣለዉና ኣውቲስቲ እኒ ኣይዕዘር
ብወነ ዝጓዓዙ ሓቦ ሰኒቖም
እቲ ምዝዋር ንግደፎ ንዓኦም
ሀዚ ደይቡ ጥያቐ ኣይተብዝሑ
እንተዘይደሊኹም ኣብ ገዛኹም ፅንሑ
ጉዕዞ ከይጀመርኩም እንታይ እዩ ፍርሑ?

<u>ምስ በሎም</u>

ሓደ ተሳፋሪ ቆብዑ ቀሊዑ
እንታይ እዩ እዚ ነገር ፀወታ ቆልዑ
ዓያሹ እኮ ኣይኮንናን በለ ተጠሊዑ
መሕደሪኣ ዘይትፈልጥ ባቡር
ወይ ትግልበጥ ወይ ትስበር
ቆሉዑት ኣይኮንናን ሱቕ ኢልና እንሳፈር
ሓቂ ተዛረብ ክንፈልጦ እቲ ሚስጥር?
ተሳፈሩ ኣይበልናን ብሓይሊ ኣገዲድና

ጊዜ ኣይተባኸኑ ነዊሕ እዩ ጉዕዞና
ነዊሕን መሪርን ጥውይዋይ ዝበዝሖ
ግምት የብልናን መዓዝ ከም እንበፅሖ
ክትጓዓዙ እትደልዩ ሓቀኛ ተሳፈርቲ
እስኪ ተኣለዩ ካብቶም መፋነውቲ።
ይኾፅል።